# ፌስቲቫል ስፖርት ኣብ ከተማ ቫይብሊንገን (ሽቱትጋርት) ተኻይዱ!!!

ብቕዳም ዕለት 30.05.2009 ፌስቲቫል ስፖርት ኣብ ቫይብሊንገን ብዓቢ ድምቐት ሕጉስ ስፖርታዊ መንፈስ ተኻይዱ::

ኣብዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበረ-ኮምን ብምትሕብባር ኤሪ-ሶከርን ንመበል 11 ግዚኡ ብኣጋጣሚ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ዝተኻየደ ዓቢ ኤርትራዊ ስፖርታዊ ንጥፈታት ካብ ከባቢናን ከተማታት ኡልም: ማንሃይም: ፍራንክፈርትን ሽወደነን ዝመጻ ብድምር 26 ጋንታታት ተሳቲፈን:: ኣብዚ ውድድር-ጉያን: ምንጣርን ዘጠቓለለ ስፖርታዊ ፌስቲቫል ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ማሕበራትን: ሓላፊ ኮማውን ህዝባውን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርኤን: ሓላፊ ቖንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ዮሃንስ ደባስን: ከምእውን ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ዝርከብዎም ልዕሊ 600 ኤርትራውያን ተኻፊሎም::

እዚ ሓድነትን ሃገራዊ ጥምረትን ዘንጸባረቐ: ናይ ባህላዊ ምውርራስ ወለዶታት ኣግሊሑ ኣንፈት ዘተንበህን „ ቖልዕትን መንእስያትን ዘማእከለ“ ማሕበራዊ ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣዝዩ ዘኹርዕን ዝነኣድን: ንደላይ ጹብቕን: ሓላይን ፈታውን ኮሙን ሃገሩን ድማ ጸባ ዘስተየን ተስፋ ዘሰንቐን ፍሱህ ተርእዮ'ዩ ነይሩ:: ናይ ትማሊ ንኽብሪ መበል 18 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ዝተገብረ ስፖርታዊ ምትእኽኻብ ብዘይካቲ ዝህቦ ባህታን ተድላን: ነዞም መጻኢ-ወለዶ ኤርትራዊ መንነቶም ዘሙቑሉን: ሓድሕዳዊ ምሕዝነቶም ዘትርሩሉን: ምስ ኣያታቶምን ወለዶምን ድማ ኣብ ስራሕ ብሓባር ተምክሮ ዝቐስምሉን: ሓድሕዳዊ ርድኢቶም ዘዕምቑሉን: ምቹእ ሃዋህው ስለዝነበረ: ከምዚ ዓይነት ንጥፈታት ክቕጽልን ክሰፍሕን ዘለዎ ጉዳይ'ዩ::

እዚ ግን ስቕ'ሉ ዝዕደለካ ጸጋ ዘይኮነ: ብሓያል ውዳበን: ንጡፍ ተሳታፍነትን ድኻምን ኣባላት ጥራይ'ዩ ክትርጎም ዝኽእል:: እቶም ነዚ መደብ ብዝተፈላለየ መገዲ ዕዉት ክኸውን: ኣብ ምውዳብን ምትግባሩን-ብልዑል ተዋፋይነት ዝተሳተፈ መንእሰያት ኤሪ-ሶከርን ዝተሓባበርዎም ዓበይትን: ብፍላይ ኣብ ምግብና-ግሪል ምሉእ መዓልቲ ብመን-ሕራይ ከገልግሉ ዝወዓሉን ሞጎስ ዝግበኣም'ዩ::
ብዕለት 16 ግንቦት 2009 ን10ራይ ግዚኡ ብማሕበረሰብ ኤስሊንገን ዝተወደብ ጉዕዞ ናጽነት ብብሽክለታን: ብ24.05.2009 ድማ ዓቢ ጽንብል ንኽብሪ መበል 18 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ኣብ ሽቱትጋርት ከምዝተገብረ ዝዝከርዩ::

ድሕሪ ብዉዕውዕን ብስነ-ስርዓትን ዝተኻየደ ግጥማት: እዘን ዝስዕባ ጋንታታት ቀዳሞት ብምኻን ተዓዊተን::

ካብ 6 ክሳብ 9 ዝዕድምኢ
1. ጋንታ ሓድነት (ካብ ፍራንክፈርት)

ካብ 10 ክሳብ 13 ዕድመ ዘለዎም
1. ጋንታ ኣዳል ( ካብ ኤስሊንገን)

ካብ 14 ክሳብ 16 ዕድመ ዘለዎም
1. ኣዳል (ኤስሊንገን)

ካብ 17 ንላዕሊ
1. ካብ ሽወደን ዝመጸት ጋንታ